**ኣብ ግዜ መግዛእቲ ዝተሰዱን ብሰንኪ ወራር ወያነ ኣብ ሱዳን ዝጸንሑን 1465 ዜጋታት ናብ ሃገሮም ተመሊሶም።**

----------0-----------

**ኣብ ግዜ መግዛእቲ ዝተሰዱን ብሰንኪ ወራር ወያነ ኣብ ሱዳን ዝጸንሑን 1465 ዜጋታት ትማሊ 3 ሓምለ ናብ ሃገሮም ተመሊሶም።**

**እዞም ካብ መዓስከራት ላፋ፣ ጉልሳን ወዲ ሸሪፈይን ብድሌቶም ናብ ሃገሮም ዝተመልሱ ኤርትራውያን ስደተኛታት መብዛሕትኦም ኣዴታትን ህጻናትን ኮይኖም፣ ንመትከል እግሪ ዝኸውን ገንዘባውን ዓይነታውን ሓገዛት ምስተዋህቦም ነናብ ዝመረጽዎ ዓድታት ከም ዝፋነዉ ቤት ጽሕፈት ኮሚሽን ረዲኤትን ስደተኛታትን ኤርትራ ሓቢሩ። ገለ ካብቶም ተመለስቲ ንልዕሊ 20 ዓመት ኣብ ሱዳን ዝተቐመጡ እዮም።**

**ምምላስ ኤርትራውያን ስደተኛታት ካብ ሱዳን ብ12 ግንቦት ካብ ዝጅምር ንድሓር ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሕን ሰሙንን 20,306( ዕስራ ሽሕን ሰለስተ ሚእቲን ሽዱሽተን) ኤርትራውያን ተመሊሶም ኣለዉ።እቶም ኣቐዲሞም ዝተመልሱ ፣ ድሮ ኣብ ዝኣተዉዎ ዓድታት ናይ መንበሪ መሬት ክዕደሉ ከለዉ፣ ንሕርሻ ዝኸውን መሬት እውን ኣብ ሓድሓደ ቦታታት ክዕደል ጀሚሩ ኣሎ።**

**********ኣ.ዜ.ኤ***********